BritishRedCross

Home Office

# ናይ ስደተኛ ደቂ ኣንስትዮ ዲጂታላዊ ምብቃዕን ኮኔክት ፕሮጀክት

ናብ ዎርክሾፕ ናይ ምስናይ መምርሒ5



## ደቂ ኣንስትዮ፡ ህፃናት፡ ፆታ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓትን ናይ ሓለዋ መሰል

እዚ መምርሒ ኣብ ዲጂታላዊ ናይ ስደተኛታት ምትብባዕን ምርኻብ ፕሮጀክት ዎርክሾፕ ንዝሳተፉ ደቂ ኣንስትዮ ከም ደጋፊ መምርሒ መሳርሒ ከም ዘገልግል ገይሩ ዝማዕበለ እዩ። ናይ ስደተኛታት ኩነት፡ ሰብኣዊ ሓለዋ ወይ ናይ ስደተኛታት ዳግመ ምውሃድ ንዘለዎንን ኣብ እንግሊዝ ንዝነብራ ደቂ ኣንስትዮ ዝዓለመ እዩ። እዚ ፕሮጀክት ብሆም ኦፊስ ናይ ስደተኛታት ዑቕባ ደገፍን ምውሃድ ዝተመወለ እዩ።

እዚ ዝስዕብ ማተርያል ኣብ እንግሊዝ ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተቲ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ዘጋጥመን ፆታ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓት ንምክልኻል ካብ ዝሰርሕ ጥምረት ድሕንነተን ዝተሓለወ ደቂ ኣንስትዮ ስደተኛታት ፕሮጀክት መሰረት ገይሩ ዝማዕበለ እዩ። ብዛዕባ ኣብ ስደት ድሕንነት ደቂ ኣንስትዮ (SWIM) ፕሮጀክት ተወሳኺ መረዳእታ ኣብዚ ይርከብ።

# ትሕዝቶ


መእተዊ ........ 3

ቁልፊ ቃላት ........ 3

ፆታ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓት እንታይ እዩ ........ 3

ዓይነታት ፆታ መሰረት ዝገበሩ ጥቕዓታት ........ 4

- ክብሪ መሰረት ዝገበረ መጥቃዕቲ ተባሂሉ ዝፅዋዕ ........ 5
- ተገዲድካ ምምርዓው ........ 5
- ዘይዕድመ መርዓ ........ 5
- ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ........ 5
- ፆታ፡ ፆታዊ ድልየት ወይ ፆታዊ መንነት መሰረት ዝገበረ ኣድልዎን ጥቕዓት ........ 5

ዘቤታዊ ጥቕዓት እንታይ እዩ? ........ 6

ዘቤታው ጥቕዓት እንተድኣ ዝበፅሓኪ ኮይኑኺ? ........ 7

ፆታዊ ጥቕዓት ........ 8

ፋይናንሳዊ ጥቕዓት ........ 10

ምስርጣይን ምቅፃው፡ ........ 11

ሓለዋ ናይ ምርካ መሰል ........ 11

- ተዛመድቲ ሕጋዊ መሰርሓት ........ 12
- ናይ ጥቕዓት ተጠቃዒት እንተድኣ ኮይንኪ ትእዛዝ ምውፃእ ........ 12
- ካልኦት ሕግታት ካብ ጥቕዓት ወይ GBV ሓለዋ ንምርካብ ዲዛይን ዝተገበረ ........ 13

ናይ ህፃናት ሓለዋን ናይ ማሕበራዊ ኣገልግሎት እጃም ........ 13

ካብ ኣድልዎን ናይ ፅልኢ ገበን ሓለዋ ........ 15

## መእተዊ

እዚ መሳርሒ ኩሎም ስግኣታትን ናይ ሓለዋ ስጉምትታት ኣይድህስስን ኣይገልፅን እንተኾነ ግና ተወሳኺ መረዳእታ እትረኽብሉም ቁልፊ ነጥብታት ትኹረት ንክትገብሪ የኽእለኪ፡፡ ዋላኳ እዚ መምርሒ ብዛዕባ መሰል መረዳእታ ዝህ እንተኾነ ሕጋዊ መረዳእታ ኣይኮን፡፡ ሕጋዊ ፈቓድ ዘይብሉ ሰብ ናይ ስደተኛተት ምኽሪ ወይ ሕጋዊ ምኽሪ ክህብ ዘይሕጋዊ እዩ፡፡ ንውልቀ ሰባት ትኽክለና መረዳእታ ከቕርቡ ዝኽእሉ ተዛመድቲ በዓል ሞያ ትካላት ኣቕሪብና ኢና፡፡ ብዛዕባ ናይ ሓለዋ መሰል መረዳእታ ከም እንህብን እንተኾነ ግና እቲ ዝሃብናኪ መረዳእታ ናብ ድሕንነትኪ ዝሕልው ስጉምቲ ከም ዘምርሕ ግና ቃል ከም ዘይንኣቱ ምርዳእ ኣገዳሲ እዩ፡፡

ምስ ፆታዊ ጥቕዓትን ገበን ሓዊሱ ብዛዕባ ፆታ መሰረት ዝገበሩ መጥቃዕትን ገበን ዝተተሓዘ ዛዕባታት ምዝታይ ከቢድን ዘይተዘረበሉ ክኸውን ከም ዝኽእል ኣፍልጦ ንህብ፡፡፡፡ ሰብኣዊ ዕላማናን ጉድኣት ዘይምብፃሕ ማለት ብዘለና ዓቕሚ ፆታ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓት ምቅዋምን ሰባት ንምትብባዕን ዓርሶም ንምሕላው ምርጫ ንምግባር መረዳእታ ምቕራብ ሓዊሱ ስጉምቲ ምውሳድ የካትት፡፡

ኣብ ውሽጢ እዚ መምርሒ ዝተኻተቱ ሊንክታት ትረኽብን ኣብዚ እንተድኣ ጠዊቕኪ ናብቲ ዝተጠቐሰ መርበብ ባይታ ይወስደኩም፡፡ ንኣብነት ኣብዚ እንተድኣ ጠውቒኪ ና ብሪቲሽ ቀይ መስቀል መርበብ ባይታ ትውሰዲ፡፡ ኣብ ዝክከኣል ግዘ ምስ ዝተተርጎመ መረዳእታ ዝተተሓዙ ሊነንክታት ንምክታት ፈቲና ኢና እንተኾነ ግና ኣብዚ መምርሒ ዝተኻተቱ ሊንክታት ብኢንግሊዝኛ ዝቐረቡ እዮም፡፡ ናይ ኣውቶማቲክ ትርጉም ዘለዎ ሕጽረት ኣፍልጦ እናሃብና እዚ ስራሕ ብኸመይ ከም ትጥቀምዮ መረዳእታ ሂብና ኢና፡፡

ዘቤታዊ ዓመፅ ሓዊሱ ኣብ ፆታ መሰረት ዝገበሩ ኩሎም ዓመፃት ሰፊሕን ምሽጥራዊ ማዕዳ እንተድኣ ደሊኺ ካብ ስደተኛታትን www.refuge.org.uk ሀገራዊ ዘቤታዊ ጥቕዓት ደገፍ መስመር 0808 2000 247 www.nationaldahelpline.org.ukምርካብ ይከኣል፡፡ ኣብ ኦንላይን ጥቕዓት ተወሳኺ መረዳእታን ደገፍ ኦንላይ ካብ Stop Online Abuse (ኦንላይን ጥቕዓት ደው ይበል)– www.stoponlineabuse.org.ukይርከብ፡፡ኣብ ሓደጋ እንተድኣ ኣለኺ ወይ ገበን ሪፖርት ምግባር እንተድኣ ደሊኺ -999 (ህፁፅ ሓደጋ እዋን)-101 (ህፁፅ ሓደጋ ዘይኮኑ)፡፡

## ቁልፊ ቃላት

**ጥቕዓት-** ሓይሊ ብዘይኣገባብ ምጥቃም እዩ፡፡ ኣካላዊ፡ ስምዒታዊ፡ ፋይናንሳውን ፆታውን ጥቕዓት የካትት፡፡

**ፈቓድ-** ንዝኾነ ነገር ብምርጫ ፈቓደኛ ምኳን እዩ፡፡ ከም ዘይልወጥን ከም ዘይቕየር ምሕሳብ ኣይከኣልን፡፡

**ገበን-** ብሕጊ ዘቕጽዕ ስራሕ፡፡

**ሓለዋ -** ናይ ሰባት መሰልን ማዕርነት ዝሕልው ሕጋዊ ስጉምቲ ሓዊሱ ስጉምትታት የካትት፡፡

**ጥቕዓት-** ኣካላዊ ማህሰይቲ ንምፍጣር ዝኣለመ ኣካላዊ ጥቕዓት፡፡ ብጥቕዓት ዝፍፀም ማህሰይቲ ኣካላውን ስነኣእምሯዊ ጉድኣት ኣለዎ፡፡

## ፆታ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓት እንታይ እዩ

ፆታ መሰረት ዝገበረ መጥቃዕቲ መጠነ ሰፊሕ ዝኾነ ዓለም ለኻዊ ጥሕሰት ደቂ ሰባት እዩ፡፡ ኣንስትን ኣዋልድ፡ ብፍላይ ኣብ ስደት ዘለዋን ዝንቀሳቐሳ ካብ ደቂ ተባዕትዮ ንላዕሊ ንፆታታዊ መጥቃዕቲ፡ ምግላልን ዝተጋለፃ እየን፡፡

‹‹ፆታ መሰረት ዝገበሩ መጥቃዕቲ›› ካብ ካልእ ዓይነት ጥቕዓት ዝፈልዮ እቲ ስጉምቲ ጥራሕ እንተዘይኮነስ ‹‹ፆታ ዝመርፅ›› ምኳኑ እዩ፡፡ ንኣብነት ዝኾነ ሰብ እቲ ባህላዊ እጃም ፆትኣም ብዘይምምልኣም ወይ ጾታ ዝቐየሩ ወይ ተመሳሳሊ ፆታ ዝፈትው ብምኳኖም መጥቃዕቲ እንተድኣ ተፈፂሙ እዚ ፆታ መሰረት ዝገበረ መጥቃዕቲ እዩ፡፡

**ኣብዚ መምርሒ ብዛዕባ ፆታ መሰረት ዝገበሩ ጥቕዓታት ገለገለ ዛዕባታት ዝሽፍን እንትኸውን፡ እቲ ትኹረት ድማ ኣብ ደቂ ኣንስትዮን ህፃናትን እንትኸውን፤ ኣብ ኢንግሊዝ ብዛዕ ዘሎ ናይ ሓለዋ መሰል የርእይ፡፡**

**እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ኣብ ግምት ንምእታው ግዘ ውሰዲ**

1. ጥቕዓትን ዓመፅ ተመሳሳሊ ነገር ድዩ?
2. ኣብ ሞንጎ ዓመፅን ሓይሊ ዘሎ ርክብ እንታይ ይመስለኪ?
3. ተጠቃዕትን ዝደሓነ ተመሳሳሊ ትርጉም ኣለዎዶ?
4. ጥቕዓት ፈፀምቲ መን እዩ? ተጠቃዕቲ/ዝደሓነ መን እዩ?

.

## ጥቕዓትን ዓመጽ

ጥቕዓትን ዓመፅ ተመሳስልቲ ነገራት ኣይኮኑን፡ ክልቲኦም ናይ ጎዳኢ ስራሕ ዝገልፁ እንትኾኑ፡ ነገር ግና ጥቕዓት ምስ ኣካላዊ ማህሰይቲ ዝተተሓሓዙ እንትኾኑ ዓመጽ ድማ ብብዙሕ መልክዕ ክፍጸም ይኽእል፡፡

**ዝተፈላለዩ ዓይነታት ዓመፅ ኣለው**

- **ኣካላዊ መጥቃዕቲ፡** ንኣብነት ምውቃዕ፡ ምፅፋዕ፡ ምሕናቕ፡ ምቁራፅ፡ ምንዳድ፡፡
- **ስምዒታዊ ጥቕዓት፡** ንኣብነት ኣካላዊ ወይ ፆታዊ ጥቕዓት፡ምፍርራሕ፡ ምውራድ፡ ዝተገደደ ምግላል፡ ማሕበራዊ ምግላል፡ ምቅፃው፡ ዘይተደለየ ትኹረትን ዝኣመሰሉ፡፡
- **ፋይናንሳዊ ጥቕዐት**፡ ስራሕ ንከይትረኽቢ ምኽላእ፡ ኣብ ፋይናንሳዊ ውሳነ ምቁፅፃር፡፡
- **ፆታዊ ዓመፅ፡** ንኣብነት ምዕማፅ ምፍታን፡ ብልዕቲ ምትናካፍ፡ ተገዲድካ ምዕጣርን ዝኣመሰሉ፡፡

## መጥቓዕትን ሓይሊ

**ጥቕዓት** ሓይሊ ብዘይኣገባብ ምጥቃም እዩ፡፡ ጥቕዓት ሰባት ናፃ ውሳነ ንከይውስኑን ብዘይደልይዎ ኣገባብ ንከይንቀሳቐሱ ዝገብር እዩ፡፡ ህፃናት ኣብ ኩነታት ብዘለዎም ውስን ዓቕሚ ምኽንያት ተጋለፅቲ እዮም፡፡ ኣብ መጥቓዕትን ዓመፅን መብዛሕቲኡ ሰብ ብዛዕባ ኣካላዊ ሓይሊ ይሓስብ እንተኾነ ግና ኣብ ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሓይሊ ኣለው፡ ከም ማሕበራዊ/ኮማዊ ሓይሊ፡ ኢኮኖምያዊ ሓይሊ፡ ፖለቲካዊ ሓይሊ፡ ፆታ መሰረት ዝገበረ (ማሕበራዊ) ሓይሊን ምስ ዕድመ ዝተተሓሓዘ ሓይሊ፡፡ ምስ ሓይሊ ዝተተሓሓዙ መማረፅታት፡ ሓይሊ ዝሰኣነ ሰብ ውሒድ መማረፂ ይህልዎ ስለዝኾነ ድማ ንጥቕዓት ተጋለፂ ይኸውን፡፡

## ተጠቃዕቲ ወይ ዝደሓነ

‹‹ተጠቃዕቲ›› ‹‹ዝደሓነ›› ዝብል ቃል መብዛሕትኡ ግዘ እናለዋወጥና ንጥቀመሎም፡፡ ኣብ ክልቲኡ ቃል ትኽክል ወይ ጌጋ ዝበሃል ነገር የለን፡፡ ኣብዚ መምርሒ ‹‹ዝደሓነ›› ዝብል ቃል ኣገዳሲ ነገር እንትኸውን ትቕዓት ዝተፈፀሞን ንዓርሶም ዝጽውዕሉ መግለፂ እዩ፡፡

## ገበን ፈጻምን ግዳይ መን እዩ?

ገበን ፈፃሚ ትኽክለኛ ወይ ዝመስል ሓይሊ ዘለዎምን፡ ስልጣን/ውሳነ ምውሳን ድማ ኣብ ካልእ ሰብ ይኸውን፡፡ መበብዛሕትኡ ግዘ ፆታ መሰረት ዝገበሩ ጥቕዓታትን ፆታዊ ጥቕዓታት ብዘይፍለጡ ሰባት ይፍፀም ዝብል ሓሶት እዩ፡፡ ብርግፅ መብዛሕቲኡ ፀታውን ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅ እቲ ግዳይ ብዝፈልጦም ሰባትን እቶም ጥቕዓታት ድማ ዝተተለሙ እዮም፡፡ ገበን ፈፃሚ ዝኾነ ሰብ ክኸውን ይኽእል እዩ፡ ናይ ፍቕሪ መፃምዲ፡ ኣባላት ስድራ፡ ናይ ቀረባ ኣዝማድን መሓዙት፡ ተደማፅነት ዘለዎም ኣባላት ማሕበረሰብ፡ ኣባላት ፀጥታን ወተሃደራት፡ ሰላም ዓቀብቲ፡ ሰብኣውዊ ደገፍ ዝህቡ ሰራሕተኛታትን ትካላት፡፡

ዝኾነ ሰብ ንፆታውን ፆታ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓት ተጋላፂ ክኸውን ይኽእል እዩ፡ ኣብ ብዙሓት ኩነታት ደቂ ኣንስትዮን ህፃናት ንፆታዊ ጥቕዓትን ፆታ መሰረት ገበረ ጥቕዓት ብዝለዓለ ደረጃ ተጋለፅቲ እዮም፡፡ ገለገለ ሰባት ከም ተገዲዶም ካብ ገዝኦም ብምፍንቃል፡ ናይ ስድራ ሓለዋ ዘይምህላው፡ ስንክልናን ዝኣመሰሉ ምኽንያታት ንፆታዊ ጥቕዓትን ፆታ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓት ጋለፅቲ እዮም፡፡

## ዓይነታት ፆታ መሰረት ዝገበሩ ጥቕዓታት

*ፆታ መሰረት ዝገበሩ ጥቕዓታት ፆታዊ ጥቕዓትን ምብዝባዝ፡ ዝተገደደን ትሕቲ ዕድመ መርዓ፡ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ‹ክብሪ› መሰረት ዝገበረ ጥቕዓትን ናይ ፍቕሪ ወይ ዘቤታዊ ጥቕዓት የካትት፡፡ እዚ ኣካላዊ፡ ስነ ኣእምሯዊ፡ ፆታውን፡ ስምዒታዊን ናይ ንብረት ወይ ኢኮኖምያዊ ክኸውን ይኽእል፡፡*

## ክብሪ መሰረት ዝገበረ መጥቃዕቲ ተባሂሉ ዝፅዋዕ:

ክብሪ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓት ናይ ቤተሰብ ወይ ማሕበረሰብ ክብሪ ንምሕላው ተባሂሉ ዝፍፀም ወይ ክፍፀም ዝኽእል ገበን እንትኸውን፡ መብዛሕትኡ ግዘ ዝኾነ ሰብ ናይቲ ባህሊ እምነት ብዘይምኽባሮም ብስድርኦም ወይ ማሕበረሰቦም ክቕፅዑ ከለው እዩ፡፡ ንኣብነት ናይ ክብሪ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓት ግዳይ ክትኾኒ ትኽእሊ ምኽንያቱ ንስኺ ተገዲድኪ ንምምርዓው እንተድኣ ኣቢኺ፡ ካብ ካልእ ባህሊ ወይ እምነት መፃምዲ ስለዘለኪ፡ ምዕራባውያን ዝዓይነቱ ናብራ ስለትነብርን ክትፋትሒ ስለዝደለኺ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡

## ተገዲድካ ምምርዓው

ተገዲድካ ምምርዓው ሓደ ወይ ክልቲኦም ንምርዓው ፍቓደኛ እንተዘይኮይኖምን ንክምርዓው ፀቕጢ ወይ ሓይሊ ብዘይኣገባብ ምጥቃም እዩ፡፡ ተገዲድካ ምምርዓው ገበን እዩ፡፡ ብተወሳኺ እውን ንስኺ ካብ ሃገር ወፂእኺ ንክትምርዓዊ ንምግባር ምሕሳው ገበን እዩ፡፡

### እዚ ተገዲድካ መርዓ ድዩ?

*‹‹ኤክስ ኣብ ለንደን እትነብር ጓል 17 ዓመት ጓልተንስተይቲ ኢያ፡፡ ወለዳ ስብኣይ ክኾና ዝኽእል ወዲ 18 ዓመት ዋይ ዝበሃል ስብኣይ ንክትፋለጥ ኣዳልዮምላ፡፡ ኤክስ በቲ ዝመፀላ ሓዳር ሕጉስቲ ኣይነበረትን ምኽንያቱ ዕድምኣ ንእሽተይ ስለዝኾነን ከምኡ ድማ ደቂ ኣንስትዮ ስለትፈትው እዩ፡ እንተኾነ ግና ናይቲ ስድራ ስም ክተኽብር ከም ዘለዋ ነጊሮምዋ፡፡ ኤክስ ካልእ መማረፂ ዘለዋ መሲሉ ስለዘይተሰመዓ ስድርኣ ንምሕጓስ ንምርዓው ወሲና፡፡››*

እወ፡፡ እዚ**ተገዲድካ መርዓን** ገበንን እዩ፡፡ ኣንስትን ኣዋልድ ንሓዳር እምቢ ንምባል ‹*ስምዒት*› ወይ ‹*ምፍላጥ*› ንምግላፅ እንትኸውን እንተይለን ዝኾነ ዓይነት ሳዕቤን ክህልውን መርዓ እንተድኣ ኣብየን ድማ ንኣብነት ንስደራ ከም ዘሕፈራን ኣካላዊ ጥቕዓት ከም ዝበጽሐ ተገሊፁ፡፡ ዘይደለኽዮ ሰብ ብግዲ ንክትምርዓዊ ብዝተፈላለዩ መንገድታት ፅዕንቶ ክግበረልኪ ይኽእል፡፡

**ኣብ ክብሪ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓት፡ ተገዲድካ ምምርዓውን ጥቕዓት ማዕዳ፡ ደገፍን ተወሳኺ መረዳእታ ንምርካብ ብ 0800 5999 247፡ www.karmanirvana.org.ukካርማ ኒርቫን ምርካብ ትኽእሊ ኢኺ፡፡**

## ዘይዕድመ መርዓ

ዘይዕድመ መርዓ ብፆታ ዘይማዕርነት ዝለዓል ፆታ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓት እዩ፡፡  ኣብ ኢንግላንድ፡ ዌልስን ሰሜን ኣየርላንድ ንመርዓ ዝፍቀድ ዕድመ 18 እንትኸውን፤ 16ን 17 ዕድምኦም ዝኾኑ ህፃናት ብፈቓድ ወለደም ክምርዓው ይኽእሉ እዮም፡፡ ኣብ ስኮትላንድ ንመርዓ እቲ ዝተሓተ ዕድመ 16 እንትኸውን ናይ ወለዲ ፈቓድ ኣየድልይን፡፡

## ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ

ብመሰረት ናይ እንግሊዝ ሕጊ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ወይ ምቑራፅ ገበን እዩ፡፡ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ምፍፃምን ምስሳይ ገበን እዩ፡ እዚ ማለት ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ምክያድ ገበን እዩ፡፡ ኣብ (ተጠቃዒት) እንግሊዝ ትነብሪ እንተድኣ ኮይንክን እቲ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ወይ ወፃኢ እንተድኣ ተካይዱ እውን ገበን እዩ፡፡ ጓል ኣንስተይቲ ወይ ሰበይቲ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ንክተካይድ ምትብባዕ ወይ ምሕጋዝ እውን ገበን እዩ፡፡

## *ፆታ፡ ፆታዊ ድልየት ወይ ፆታዊ መንነት መሰረት ዝገበረ ኣድልዎን ጥቕዓት*

ኣብቲ ዝመፃእኹሉ ሃገር ዘሎ እቲ ባህላዊ ናይ ተባዕትዮን ኣንስትን እጃም ኣስተብህሊ?

መብዛሕትኡ ግዘ ሰባት ኣብቲ ትፅቢት ዝግበረሎም እጃም ፆታ ክሰርሑ ከለው ናይ ምሕላው ስምዒት ይስምዖም፡፡ እንተኾነ ግና ባህላዊ ናይ ፆታ እጃም ትግምገምሉን ናይ ምቁፅፃር መንገዲ እንትኸውን እዚ ትፅቢት ዝግበር ሓላፍነት ተዘይተማሊኡ ክፈራርሑ ወይ ክቕፅዑ ይኽእሉ እዮም፡፡ ኣብ እንግሊዝ ዘለው ሕግታት ሰባት ፆትኦምን ፆታዊ ድልየቶም ናይ ምግላፅ ናፅነት ኣለዎም እዩ፡፡

ዝኾነ ሰብ ብዘለዎ ፆታ ወይ ፆታዊ ድልየት ምኽንያት እንተድኣ ኣብ ዕላማ ኣትዮም ወይ ጥቕዓት እንተድኣ በፂሕዎም ከም ኣድልዎ፡ ጥቕዓት ወይ ፆታዊ ድልየት ጥቕዓት ተገይሩ ክሕሰብ ወይ እቲ ኣድልዎ ወይ ጥቕዓት መሰረት ብምግባር ናይ ፅልኢ ገበን ተባሂሉ ክፅዋዕ ይኽእል እዩ፡፡

## ዘቤታዊ ጥቕዓት እንታይ እዩ?

'ዘቤታዊ ጥቕዓት ዝብል ቃል ዝኾነ ዓይነት ጥቕዓት ወይ ኣብ ልዕሊ መፃምዲ ወይ ኣባል ስድራ ምቁፅፃርን ሓይልን ምጥቃም እዩ፡፡ ኣብአ ንግሊዝ ገበን እዩ፡፡ ኣካላዊ፡ ፆታዊ፡ ስነኣእምሯዊ፡ ቃል፡ ስምዒታውን ፋይናንሳዊ ጥቕዐትን ናይ ምግዳድ ሓይሊ የካትት፡፡ ንኣብነት መፃምድኺ ወይ ደቅኺ ምውቃዕ ገበን እዩ እንተኾነ ግና ናይ መፃምድኺ ምንቅስቓስ፡ ንመን ከም ዘዛርቡ፡ ፋይናንስ ዝረኽብሉ ወይ መሓዙት ናይ ምጉብናይ መሰሎም ምቁፅፃር እውን ዘይሕጋዊ እዩ፡፡

**ታሪኽ ከድጃ**

ከድጃ ኣብ 2017 ናብ ስብኣያ ኣብ እንግሊዝ መፂኣ፡፡ ከድጃ ፈለማ ካብ ኤርትራ ዝመፀት እንትኸውን ምስ ክልተ ደቃ ኣብ ሱዳን ትነብር ዝነበረት እንትኸውን ንደቃ ንምዕባይን ካልኦት ኣዝማዳ ንምሕጋዝ ትሰርሕ ነይራ፡፡

ከድጃ ናብ እንግሊዝ ቅድሚ ምምፃኣ ምስ ሰብኣያ ን3 ዓመት ኣይተረኣኣየትን ከምኡ ድማ ኣብዚ ብዘይካ ንሱ ትፈልጦ ሰብ የብላን፡፡ ናይ ባዕላ ቴሌፎን ወይ ገንዘብ ኣየነበራን ምኽንያቱ ኩሉ ነገር ብስም በዓል ገዛ ስለዝነበረ፡፡ እቲ ዝነብርሉ ቦታ 4 ሰብ ክነብረሉ ፅቢብ ኮይኑ ረኺባቶ፡፡ ናይ ጉዳይ ሰራሕተኛ እቶም ቆልዑ ኣብ ቤት ትምህርቲ ንምምዝጋብ ሓጊዛታ፡፡ ንከድጃ ብዛዕባ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጉጅለ መረዳእታ ሂበንኣን እቶም ቆልዑ ኣብ ትምህርቲ ክኸዱ ከለው ብሰሙን ምስታፍ ጀሚራ፡፡ መሓዙት ምርካብ ጀሚራን ናይ ኢንግሊዝኛ ቋንቋ ክእለታ ተመሓይሹ እንተኾነ ግና በዓል ገዝኣ ኣብ ገዝኣ ብዛዕባ ብምውፃኣ ስለዘየሐጎሶ ናብቲ ጉጅለ ንምጉዓዝ ገንዘብ ምሃብ ኣቋሪፁ፡፡ ቀስ ብቀስ ድማ ኢንግሊዝኛ ቋንቋ ንከይትመሃር ወይ ካብ ህፃናት ካብ ቤት ተምህርቲ ምምጻእ ወፃእ ካብ ገዛ ወፃእ ብዙሕ ምንቅስቓስ ንከይትገብር ዓጊትዋ፡፡ ኣብ ሓደ ምሸት ኣብ ዝሚገትሉ እዋን ወቒዕዋ፤ ብምቕፃል ኩሉ ግዘ ዋላ እውን ኣብ ቅድሚ ደቃ ይሃርማ ነይሩ፡፡

**ብዛዕባ ከድጃ ብምሕሳብ እንታይ ዓይነት ጥቕዓት ይገጥማ ኣሎ ከምኡ ድማ ደገፍ ንምሕታት እንተይ ዓይነት ማሕለኻታት ይገጥማ?**

- ፋይናንሳዊ ጥቕዓት፡፡ ንኣብነት ከድጃ ገንዘብ ክትረክብ ኣይከኣለትን፡፡ ኢንግሊዝኛ ንከይትመሃር ስለዝኸልከላ ስራሕ ምርካብ ኣይከኣለትን፡፡
- ስምዒታዊ/ስነ ኣእምሯዊ ጥቕዓትን ቁፅፅር፡፡ በዓል ቤት ከድጃ ካብ ሰባት ነፂልዋን መሓዙት ምፍጣራን ካብ ገዛ ምውፃኣ ጥፍኣተኝነት ክስመዓ ገይርዋ፡፡
- ኣካላዊ ጥቕዓት- ከድጃ ብዛዕባ በሰላ ወይ ምልክት ሰብ ንከይሓታ ስለትፈርሕ ካብ ገዝኣ ክትወፅእ ወይ ንሰብ ምዝራብ ኣይትደልን፡፡
- ህፃናት ኩሉ ግዘ ብዘቤታዊ ጥቕዓት ይህሰዩ እዮም፤ እዚ ድማ ብቐጥታ ክሪእዎ ወይ ከይሪእዎ ይኽእል እዩ፡፡

ናይ ምቁፅፃር ባህሪ ወይ ናይ ምግዳድ ቁፅፅር ዝበሃል ናይቲ ጥቕዓት ፈፃሚ ባህሪ ብኸቢድ ክሃስየኪ ከሎ እዩ፡፡

**እቶም ልሙዳት ናይ ምግዳድ ምቁፅፃር ኣብነታት፡**

- ካብ ስድራን መሓዙትን ምንፃል
- ገንዘብ ምቁፅፃር
- ምንቅስቓሳትን ከይድታት ምቁፅፃር
- ብተደጋጋሚ ካልእ ሰብ ምንእኣስ፡ ሽም ምጥፋእ ወይ ሰባት ዋጋ የብሎምን ምባል
- ንምህሳይ ወይ ንምቕታል ምፍርራሕ
- መረዳእታ ከም ዘሐትም ምፍርራሕ ወይ ንፖሊስ ወይ ሰበ ስልጣን ሪፖርት ከም ዝገብር ምፍርራሕ

- ንብረት ወይ ናይ ገዛ ኣቕሑ ምውዳም
- ኣብ ናይ ገበን ስራሕ ንክሳተፉ ምፍርራሕ ወይ ጥቕዓት ህፃናት

**በዞም ዝስዕቡ መግለፅታት ትሰማምዒ ወይ ኣይትሰማምዕን?**

**1. ኩሉ ሰብ ግዳይ ጥቕዓት ናይ ምኳን ዕድል ኣለዎ እዩ፡፡**
ኩሉ ሰብ ግዳይ ዘቤታዊ ጥቕዓት ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ እንተኾነ ግና ገለገለ ሰባት ከም ኩነታት፡ ስደትን ምፍልላይ ስድራ ምኽንያት ዝኣመሰሉ ኣበርክቶ ዝገብሩ ነገራት ተጋዕነቶም ይፈላለይ እዩ፡፡

**2. ኣብ ውሽጢ ሓዳር ዝፍፀም ዓመጽ ከምቲ ብካልእ ሰብ ዝፍፀም ዓመፅ ከቢድ ኣይኮነን፡፡**
ብመሰረት ናይ እንግሊዝ ሕጊ ዓመጽ ዓመፅ እዩ፤ ኣብ ውሽጢ ሓዳር ወይ ካ ሓዳር ወፃኢ እንተኾነ፡ ብርግፅ ኣብ እንግሊዝ ኣብ ውሽጢ ሓዳር ዝፍፀም ዓመፅ ገበን እዩ፡፡

**3. ጥቕዓት ፈፃሚ ኣብ ጥቕዓት ዝፍፀመሉ ገዛ ዝዓበየ ሰብ እዩ**
እዚ ዕውዕዋይ እዩ፡፡ ዘቤታዊ ዓመፅ ዘጋጥሞም ህፃናት ግዳያት ወይ ጥቕዓት ፈፀምቲ ኣይኮኑን፡፡ መብዛሕትኦም ህፃናት ጥቕዓት ዘስዕቦ ማህሰይቲ ዓርሶም ስለዝፈልጥዎ ጥቕዓት ንምፍጻም ድልየት የብሎምን፡፡ ዋላኳ ዘቤታዊ ጥቕዓት ንህፃናት ጎዳኢ እንተኾነ ግና ከዓብዩ ከለው ባህሪኦም እዚ ክኸውን እዩ ማለት ኣይኮነን፡፡ ጥቕዓት ናይ ጥቕዓት ፈፃሚ ምርጫ እዩ፡፡ [1]

**4. ኣልኮልን መዐወኒ ሰባት ኣዝዮም ጎነፀኛ ይገብሮም**
ኣልኮልን መዐወኒ ምስ ጉንፂ ርክብ ዘለዎም እንተኸውን ነቲ ጎነፅ ግና ንምፍጣር ምኽንያት ኣይኮኑን፡፡ መብዛሕትኦም ጥቕዓት ፈፀምቲ ጥቕዓት ዝፍጽሙ መስተ እንክይሰተዩ እንትኸውን ሰታያት ዝኾኑ ሰባት ኮይኖም ጎነፀኛ ዘይኮኑ ኣለው፡፡ ኣልኮልን መዐወኒ ከም ምኽንያት ምጥቃም ሓላፍነት ንዘይምውሳድ ዝግበር እዩ፡፡ ክልቲኦም ዝኾነ መጥቃዕቲ ንምፍፃም መለዓልቲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም እንተኾነ ግ ቀንዲ ምኽንያት ኣይኮኑን፡፡

**5. ግዳያት እቲ ጥቕዓት ከቢድ እንተድኣ ኮይኑ ከወፁ ነይሮም እዮም**
እዚ ልክዕ ኣይኮነን፡፡ ጥቕዓት ዝፍፅም መፃምዲ ገዲፍካ ምውፃእ ክኸብድ ይኽእል እዩ፡፡ ግዳያት እንተድኣ ካብቲ ርክብ ወፂኦም መፃምዶም ብዛዕባ ዝገብሮ ነገር ይፈርሑ፡ ብፍላይ ድማ እቲ መፃምዲ ንዓኣ/ንዑኡ ወይ ህጻናት ክቐትሉ እንተድኣ ሓንዮም እዩ፡፡ እቶም ግዳያት ምስቲ ጥቕዓት ፈጻሚ ምጽናሕ ንቶም ህፃናትን ካልኦት ከም ፋይናንስ ወይ ስደተኛ ኩነታት ዝኣመሰሉ ምኽንያታት ክጠቅም ይኽእል እዩ ኢሎም ክሓስቡ ይኽእሉ እዮም፡፡

## ዘቤታው ጥቕዓት እንተድኣ ዝበፅሓኒ ኮይኑኸ?

ኣብ ርክብኪ **ዘቤታዊጥቕዓት ወይ ግህሰት** እንተድኣ በፂሕክን ካብቲ ርክብ ምውፃእ እንተድኣ ደሊኹም ደገፍ ንምርካብ እትኽድሎም ቦታታት ኣለው እዮም፡፡ ሓለዋ ክግበረልክን ድሕንነቱ ዝተሓለወ ቦታ ክትነብሪ መሰል ኣለኪ እዚ ደማ ስደኛ ተባሂሉ ይጽዋዕ፡፡

ንስኺ ወይ ዝኾነ ሰብ ኣብ ሓደጋ እንተደኣ ኣሎናይ **ሓደጋ እዋን ኣገልግሎት** ንምርካብ ናብ ☎ **999** ደውሊ፡፡

***ሀገራዊ ዘቤታዊ ጥቕዓት ደገፍ መስመር*** www.nationaldahelpline.org.ukኣብ ዝኾነ ሰዓት፡ ቀትሪ ወይ ምሸተ ብምሽጥር ማዕዳ የቐርብ፡፡ ናብ ሓባር መንበሪ፡ ስደተኛን በዓል ሞያ ኣገልግሎት ሪፈር ክገብሩኺ ይኽእሉ፡፡ **ቴሌፎን፡ 0808 2000 247**

1. ዘቤታዊ ጥቕዓት ሪፖርት ግበርን ንስኺ ወይ ደቅኺ ሕጂ ኣብ ሓደጋ እንተድኣ ኮይኖም ናብ 999 ደውሊ፡፡
2. ካብ ሀገራዊ ዘቤታዊ ጥቕዓት ደገፍ መስመር ናፃን ምሽጥራዊ ምኽርን ደገፍ ርኸቡ፡፡

[1] ዘቤታዊ ጥቕዓት ፍልፍል ንኣስራሕቲ ማንዋል እዩ፡፡ ካልኣይ ሕታም፡፡ ስደተኛታትን ክብሪ

3. **ሕጋዊ ምኽሪ ርኸቢ** (ናይ ስድራ ሕጊ፡ ስደተኛታት ሕጊ፡ ኮማዊ ክንክን ሕጊ፡ መንበሪ ገዛ ሕጊ)
4. ካብ ገዛ ክትወፂ ከለኺ ናይ ድሕንነት ትልሚ ኣውፅኢ

## ፆታዊ ጥቕዓት

ፆታዊ ጥቕዓት ካብ ርክብ ወፃእን ኣብ ውሽጢ ርክብ ክፍፀም ይኽእል፡፡ ኣብ ናይ እንግሊዝ ሕጊ ፆታዊ ርክብ ንምክያድ ፈቓድ የድሊ እዩ፡፡ ፈቓድ ማለት ዝኾነ ሰብ ምርጫ ንምምራፅ ናፅነትን ዓርሰ እምነት ክህልዎ ከሎ እዩ፡፡ እዚ ማለት ክልቲኦም ወገናት ኩሉ ግዘ ፆታዊ ርክብ ከካይዱ ከለው ፍቓደኛ ክኾኑ ኣለዎም ሓሳብኪ እንተድኣ ቀይርክን ኣይኮንን እንተድኣ ኢልኪ መፃምድኺ ክሰምዓኪ ኣለዎ፡፡ ዋላኳ በዓልቲ ሓዳር እንተኾንኪ ኩሉ ገግዘ ፈቓድ ኣድላይ እዩ፡፡

ምስ ተባዕታይ ወይ ኣንስታይ፡ መፃምድኺ እውን ብውንኦም ኮይኖም ፈቓድ እንከይሃቡ ፆታዊ ርክብ ምግባር ዘይሕጋውን ኣብ እንግሊዝ ከም ዓመፅ ይውሰድ፡፡ እዚ ገበን ስለዝኾነ ናብ ፖሊስ ሪፖርት ምግባር ትኽእሊ ኢኺ፡፡

ንጓል ኣንስተይትን ተባዕታይን ዝኾነ ዓይነት ፆታዊ ምንቅስቓስ ንምግባር ዝፍቀድ ዕድመ 16 እንትኸውን እዚ ድማ ፆታ ወይ ናይቲ ሰብ ፆታዊ ድልየት ናይቲ ሰብን እቲ ፆታዊ ምንቅስቓስ ምስ ተመሳሳሊ ወይ ዝተፈላለየ ፆታ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፤

ዝኾነ ሰብ **ዕድምኡ ትሕቲ 16** ምስ ዝኾነ ሰ ፆታዊ ምንቅስቓስ ምኪያድ ገበን እዩ፡፡ **ፆታዊ ጥቕዓት ገበን ሕጊ 2003** ንዝኾነ ፆታዊ ምንቅስቓስ ፍቓድ ምሃብ ዘይክእሉ ዕድምኦም 12 ትሕቲኡ ዘለው ህፃናት ዝተፈለየ ሕጋዊ ሓለዋ የቖርብ፡፡ ንዓመፅ፡ መጥቃዕቲ ምግሃስን ህጻናት ኣብ ወሲባዊ ምንቅስቓስ ንክሳተፉ ምግባር ወይ ምጎንያት ምኳን እቲ ዝዓበየ ቅጽዓት ዕድመ ልክዕ ማእሰርቲ እዩ፡፡

ዕድምኡ 18 ወይ ልዕሊኡ ዝኾነ ሰብ ምስ ዕድምኣ ትሕቲ 18 ምስ ዝኾነ ሰብ ፆታዊ ምንቅስቓስ ምግባርን እቲ ልዕሊ ዕድመ ዝኾነ ሰብ ኣብ ዝእመነሉ ቦታ (ንኣብነት መምህር ወይ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ) እንተድኣ ተፈፂሙ እቲ ጥቕዓት እምነት ተጠቒምካ ፆታዊ ጥቕዓት ምፍፃም ብዝብል ገበን ይኸውን፡፡

### ዓይነታት ፆታዊ ጥቕዓት

ኩሎም ፆታዊ መጥቃዕቲ ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ገበናት ኣለው፡፡

**ዓመፅ**
ገበን ዝኸውን፡

- ዝኾነ ተባዕታይ ብብልዕቱ ኣቢሉ ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ፡ ኣፍን እንተድኣ ግሂሱ፡፡
- እታ ተጠቃዒት ነዚ ግሀሰት ኣይፈቐደትን

ቅፅዓት፡ ክሳዕ ዕደመ ልክዕ ማእሰርቲ
ኣብ ስኮትላንድ ናይ ዓመፅ ሕጋዊ ትርጓመ ኣብ ፆታዊ ገበን (ስኮትላንድ) 2009 ይርከብ፡፡

**ናይ ግህሳ ጥቕዓት**
ገበን ዝኸውን፡

- ዝኾነ ሰብ ናይ ዝኾንት ጓል ኣንስተይቲ ብልዕቲ ብክፍሊ ሰብነቱ ወይ ካልእ ነገር እንተድኣ ግሂሱ፡፡ ንኣብነት ካልኦት ኣካላት ሰብነት ኢድ ወይ ኣፍ ወይ ዝኾነ መሳርሒ ክኸውን ይኽእል፡፡
- እቲ ግህሳ ወሲባዊ ተኾይኑን
- እቲ ካልእ ሰብ ነቲ ግህሳ እንተዘይፈቒድዎ፡፡

ቅፅዓት፡ ክሳዕ ዕደመ ልክዕ ማእሰርቲ

**ፆታዊ ጥቕዓት**
ገበን ዝኸውን፡

- ዝኾነ ሰብ እናፈለጠ ካልእ ሰብ ክትንክፍ

- እቲ ምትንካፍ ወሲባዊ እዩ
- እቲ ዝትንከፍ ዘሎ ሰብ ነዚ ኣይፈቐደን

*መቕፃዕቲ፡ ኣብ ሓፈሻዊ መቕፃዕቲ፡ ካብ 6 ኣዋርሕ ዘይበለፀ ማእሰርቲ ካብቲ ሕጊ ዘቐምጦ ንላዕሊ ዘይበለፀ ቅፅዓት ገንዘብ ወይ ክልቲኡ፡፡*

***ፆታዊ ምስርጣይ***

*ፆታዊ ዓመጽ ንካልኦት ሰባት ዘሸቕል፡ ዘፍርሕ ወይ ዘዋርድ ፆታዊ ባህሪ ሰለዎ ዘይድለይ ባህሪ እዩ፡፡ ዝተፈለለዩ መልክዓት ክሕዙ ይኽእሉ እዮም፡፡ ፆታ ምድሃል ዝብል የካትት ወይ ይጽዋዕ፡፡ ንኣብነት ኣብ ዝኾነ ሰብ ፆታዊ ዘናእእስ ርኢቶ ወይ ሕጫጩ ምሕጫጭ፡ ኣድለይቲ ዘይኮኑ ወሲባዊ ትሕዝቶ ዘለዎም ኢሜይላት ወይ ፅሑፍ መልእኽቲ፡ ኣብ ገዛ ወይ ሓበራዊ መንበሪ ወሲባዊ ፎቶታ ምልጣፍ፡ ንኣብነት ኣብ ስራሕ ወይ ከም ሽልማት ወሲባዊ ምንቅስቓስ ምቕማጥ፡፡*

***ፆታዊ ጥቕዓት፡ ሓቂ ወይ ሓሰት?[2]***

1. ***ብመሰረት ናይ እንግሊዝ ሕጊ ዓመፅ ብደቂ ኣንስትዮን ተባዕትዮን ይፍፀም፡፡***
   *ኣይፋል፡፡ ‹‹ሓደ›› ዓይነት ፆታዊ ጥቕዓት እዩ፡፡ ፆታዊ ዓመፅ ዝኾነ ዓይነት ዘይድለይ ምንቅስቓስ ወይ ስጉምቲ ንምግላፅ ንጥቀመሉ ሓፈሻዊ ቃል እዩ፡፡ እቲ ሕጋዊ መግለፂ ‹‹ብብልዕቲ (ንታዕታይ ጥራሕ) ኣቢልካ ብዘይፈቓድ ናይ ካልእ ሰብ ብልዕቲ ወይ ኣፍ ምግሃስ፡፡››*

2. ***ብዙሕ ኣልኮል ወይ መዐወኒ ዝወሰደ ሰብ ብዝኾነ ሰብ ክዕመፅ ወይ ፆታዊ ዓም ክበፅሖ ከሎ ከማርሩ ኣይግባእን፡፡***
   *ኣብ ሕጊ፡ ወሲባዊ ርክብ ንምክያድ ዝኾነ ሰብ ክሰማማዕ ከሎ እቲ ውሳነ ንምፍፃም ናፅነት ዓቕምን ኣለዎ ማለት እዩ፡፡ ዝኾነ ሰብ ውንኡ እንተድኣ ስሒቱ ወይ ካብ ዓቕን ንላዕሊ ኣልኮል ወይ መዐወኒ እንተድኣ ወሲዱ ንፆታዊ ርክብ ፈቓድ ክህቡ ኣይክእሉን፡፡ ብኣልኮል ወይ መዐወኒ ውንኡ ዝሰሓተ ሰብ ፆታዊ ርክብ ምክያድ ዓመፅ እዩ፡፡ ዝኾነ ሰብ ክዕመፅ ወይ ፆታዊ መጥቃዕቲ ክበፅሖ ኣይሓትትን ወይ ኣይግብኦን፡ 100% ሓላፍነት ኣብቲ ገበነኛ ዝወሃብ እዩ፡፡*

3. ***ቅድሚ ሕጂ ክልተ ሰባት ጾታዊ ርክብ እንተድኣ ፈፂሞም ነይሮም ካልእ ግዘ ፆታዊ ርክብ ክፍፀሙ ፀገም የብሉን፡፡***
   *ዝኾነ ሰብ ምስ ዝኾነ ሰብ ርክብ እተድኣ ኣለዎ ወይቅድሚ ሕጂ ፆታዊ ርክብ የካይዱ እንተድኣ ነይሮም፤ በቲ ሰብ እቲ ፆታዊ ጥቕዓት ወይ ክዕመፁ ኣለዎም ማለት ኣይኮነን፡፡ ኩሉ ግዘ ክልተ ሰባት ፆታዊ ርክብ ከካይዱ ከለው ፈቓድ ክህልው ኣለዎ፡፡ ፆታዊ ርክብ ምስ እነካይዶ ሰብ ምሕታትን ኣብ ሞንጎና ዝፍጠር ፆታዊ ርክብ ብድልየት ክልትኤና ከም ዝኾነ ኩሉ ግዘ ምርግጋፅ፡፡*

4. ***ደቂ ኣንስትዮ ብዘይፈልጥኦ ሰብ ምሸት ክዕመፃ ይኽእላ እየን ስለዝኾነ ምሸት ንበይነን ክወፃ የብለንን፡፡***
   *<u>መብዛሕትኡ ግዘ ዓመፅ ‹ብዘይፍለጡ ሰባት› ይፍፀም</u>፡፡ 90% ዓመፃት ብሰብኣይ ዝፍፀም እንትኸውን እዚኦም ድማ ቅድሚ ሕጂ ዝእመኑ ሰባት ወይ ዝፍተው ክኾኑ ይኽእል፡፡ ምግሃስ ዘካይዱ ሰባት መሓዙት፡ መሳርሕቲ፡ ዓማውል፡ ጎረባብቲ፡ ኣባላት ስድራ፡ መፃምዲ ወይ ናይ ቀደም መፃምዲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፡፡ ናይ ምግሃስ ስግኣት ከም ምኽንያት ብምጥቃም ናይ ደቂ ኣንስትዮ ምንቅስቓስ ወይ መሰለን ናፅነት ምሕላው ኣገዳሲ እዩ፡፡*

5. ***ሰባት ብዛዕባ ምግሃስ ዝሕስውሉ ምኽንያት ፆታዊ ርክብ ምግባሮም ስለዘናስሖም ወይ ትኹረት ንምርካ እዩ፡፡***
   *ኣብ ናይ ሓሶት ናይ ምግሃስ ክስታት ሚድያ ኣዝዮም ትኹረት ክገብሩ ከለው ሰባት ብዛዕባ ፆታዊ ዓመፅ ክሕስው ልሙድ እዩ ዝብል ስምዒት ይህብ፡፡ እዚ ልክዕ ኣይኮነን፡፡ <u>ናይ ሓሶት ናይ ዓመፅ ክስታ ኣዝዮም ውሑዳት እዮም፡፡</u> መብዛሕትኦም ካብዚ ዝወፁን ተጠቃዕቲ ንፖሊስ ሪፖርት ኣይገብሩን፡፡ ናይዚ ፍርሒ ምኽንያት ካልኦት ኣይኣምኑንን ዝብል እዩ፡፡ እዚ ትረኻ ክንቅይሮን ፆታዊ ጥቕዓት ዝበፅሖም ሰባት ዘድልዮም ደገፍን ዘድልዮምን ዝግበኦም ደገፍ ንክረኽቡ ምግባር ኣገዳሲ እዩ፡፡*

***ሕጂ እውን ፆታዊ ፈቓድ እንታይ ምዃኑን ወይ ንሰባት ብኸመይ ከም እትገልፅዮ ሕቶ እንተድኣ ኣለኪ፡ ብታም ቫሊ ፖሊስ ዝተዳለወ ናይ ፈቓድ ቪድዮ ክትሪኢ ከድልየኪ ይኽእል እዩ***

Tea and consent - YouTube ሊንክ: https://www.youtube.com/watch?v=pZwvrxVavnQ&t=39s

[2] https://rapecrisis.org.uk/get-help/looking-for-information/what-is-sexual-violence/

ድሕሪ ፆታዊ ጥቕዓት ደገፍን ማዕዳን ኣዚ ይርከብ፡

***ምግሃስ ፅገም***www.rapecrisis.org.uk

## ፋይናንሳዊ ጥቕዓት[3]

ፋይናንሳዊ ጥቕዓት ከም ሓደ ዘቤታዊ ጥቕዓት እንትኸውን ብመፃምዲ ወይ ብኣባላት ስድራ፡ ተኸናኸንቲ ወይ ብካልእ ዝእመን ሰብ ዝፍፀም እዩ፡፡

ፋይናንሳዊ ጥቕዓት ደቂ ኣንስትዮ ከም መግብን ክዳንን ዝኣመሰሉ መሰረታዊ ነገራት ንምዕዳግ ገንዘብ ንከይህልው፡ ናይ ባንክ ሒሳብ ንከይትረክብ፡ ወይ ዓርሳ ክኢላ እቶት ንከይህልዋን ብስማ ልቓሕ ንክህልው ይገብር፡፡ ዋላውን ተጠቃዕቲ ካብ ገዛ እንተወፃ ናይ ህጻናት ቀለብ ብዘይምሃብ ፋይናንሳዊ ጥቕዓት ይፍጽም፡፡

ኢኮኖምያዊ ጥቕዓት (ዝሰፍሐ መግለፂ) ከም ኣገደስቲ ቀረባት ዝኾኑ መግቢ፡ ክዳን ወይ መጎዓዝያ ፍልፍል ምዕጋትን፡ ኢኮኖምያዊ ኩነታት ንምምሕዳር (ንኣብነት ብ ስራሕ፡ ትምህርቲ ወይ ስልጠና) መንገዲ ምኽላእ የካትት፡፡ ናኢኮኖምያዊ ጥቕዓት ዘጽንዕ ግብረ ሰናይ ትካል በዚ መንገዲ ይገልፆ፡

*ኢኮኖምያዊ ጥቕዓት ኢኮኖምያዊ ቅልውላው ንምፍጣር ወይ ንምፍፃም ተዓሊሙ ዲዛይን ዝተገበረ እዩ፡፡ በዚ መንገዲ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ናይ ምምራፅን ኣቕምን ይዓግት፡፡ ኢኮኖምያዊ ፍልፍል ዘይምህላው ደቂ ኣንስትዮ ምስ ጥቕዓት ፈፃሚ ሰብኣይ ንዝነውሐ ግዘ ክፀንሓን በዚ ምኽንያት ድማ ጉድኣት ክበጽሐን ይኽእን እዩ፡፡›››*[4]

### ናይ ተጠቃዕቲ ፋይናንሳዊን ኢኮኖምያዊ ማህሰይቲ ዘካትቶ፡

- ገንዘብ መንጢልካ ምውሳድ
- ሓባራዊ ገንዘብ ንከይጥቀሙ ምኽላእ
- ዘውፅእዎ ወፃኢ ኩሉ ንፅብፅቡ ምግባር
- ገንዘብ ንምርካብ ንክልምኑ ምግባር
- ስራሕ ንከይሰርሑ ምኽላእ
- ካብ ስራሕ ንክወፁ ወይ ስራሕ ንከቆርፁ ምግባር
- ብስም ተጠቃዕቲ ልቓሕ፡ ክረዲት ካርድ ምውሳድ ወይ ዕዳ ምብዛሕ
- ንገንዘብ ገበን ንክፍፅሙ ምግዳድ
- እኹል መግቢ ሓዊሱ ንዓርሶም ወይ ደቆም እኹል ነገር ከይገዝኡ ምፍቃድ
- ፋይናንሳዊ ጥቕዓት እቲ ገበነኛ ነቲ ገዛ ዘገልግል ዝነበረ ገንዘብ ንዓርሱ ክጥቀሞ ከሎ ወይ ብናይ ስድራ ሃብቲ ክቁምር ከሎ

### ብዛዕባ ፋይናንሳዊ ጥቕዓት ሻቕሎት እንተድኣ ኣለክ ኣብ ግምት ክተእትውዮም ዘለውኺ ነገራት

**ምሽጥር ቁፅርን ድሕንነት፡** ንመፃምዲ፡ ኣባል ስድራ፡ መሓዙት ወዘተ ምሽጥር ቁፅሪ እንተድኣ ሂብኩም፡፡ እቲ ጥቕዓት ፈፃሚ ውልቃዊ ሒሳብን ፋይናንስኺ ንከይረክብ ብቕልጡፍ ምቕያር ኣገዳሲ እዩ

***መረዳእታኺ ውሑስ ግበሪ*** ደብዳበኺ ኣበይ ከም ዘለውን ኣበይ ከም ዝኸዱ፡፡ናብ ግጉይ ሰብ ኢድ ክኣትው እዩ ኢልኪ እንተድኣ ሰጊእኺ ናይ ፋይናንሳዊ ኣገልግሎት ኣቕራቢኺ ናብ ካልእ ቦታ ንክሰድዎ ምሕታት ትኽእሊ ኢኺ፡፡ኣብ ናይ ባንኪ ስቴትመንትኺ ዘለው ልውውጣት እትነብርሉ ቦታ (ከም ጥረ ገንዘብ ንምውፃእ ዝተጠቐምክሉ ቦታ) ክገልፁ ይኽእሉ እዮም፡ ስለዝኾነ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ መረዳእታት ድሕንነት ብዝተኸኣለኪ መጠን ምሕላው ፈትኒ፡፡

---

[3]https://www.moneyadviceservice.org.uk/en/articles/protecting-against-financial-abuse
[4]https://www.womensaid.org.uk/information-support/what-is-domestic-abuse/financial-abuse/

**ናይ ኣከፋፍላ ስርዓርኪ ገምግሚ፡** ካብ ባንኪ ሒሳብኪ ዝኣትውን ዝወፅእን ዘሎ ርግፀኛ ተዘይኮይንኪ ኣቕራቢኺ ብምርካብ እዚ መረዳእታ ኣብ ምስሳይ ክሕግዙኺ ይኽእሉ እዮም፡፡ በጀት ትልሚ ምምላእ ፅቡቕ ክኸውን ይኽእል እዩ እዚ ድማ ገንዘብኪ ብዝተወሰነ መልክዑ ብትልሚ ንምንቅስቓስን ዕለታዊ ፋይናንስኺ ንምፍላጥ የኽእለኪ፡፡ሓድሽ ባንኪ ሒሳብ ምውፃእ ከድልየኪ ይኽእል እዩ፤ እዚ ድማ ገንዘብኪ ካብ ጥቕዓት ፈፃሚ ንምፍላይ የኽእለኪ፡፡

**ልቓሕ ጉዳይ ምልዛብ** ገለገለ ጥቕዓት ፈፀምቲ ብስምኪ ልቓሕ፡ ዝያዳ ገንዘብ ምውፃእ ወይ ብጥረ ክልቅሑ ወይ እናፈለጥኪ ብፍቓድኪ ወይ እንከይፈለጥክን ብዘይፈቓድኪ ንብረትኪ ኣትሒዞም ገንዘብ ክልቅሑ ይኽእሉ እዮም፡፡ዝተለመዱ ክትዓት እዞም ዝስዕቡ የካትቱ፡

- ክራይ ክፍሊት ምድንጓይ
- ናይ ክረዲት ካርድ ልቓሕ
- ናይ ካውንስል ግብሪ ክፍሊት ድንገይ
- ናይ መብራህቲ ወይ ማይ ክፍሊት

ናይ ልቓሕ ምምኻር ምርካበን ንኣገልግሎት ኣቕራቢ ምዝርራብ፡፡

ናይ ልቓሕ ኣማኻሪ ብስምኪ ዘሎ ልቓሕ ብኸመይ ከም እተመሓድርዮ ብዝምልከት ናፃ፡ ምሽጥራውን ምኽሪ ክቕርቡ ይኽእሉ እዮም፡፡ ገለገለ ኣብነታት እዞም ዝስዕቡ የካትቱ፡

**ናይ ዜጋታት ምምኻር ቤት ፅሕፈት**
[www.citizensadvice.org.uk](http://www.citizensadvice.org.uk)

**ሀገራዊ ናይ ልቓሕ መስመር**
[www.nationaldebtline.org](http://www.nationaldebtline.org)

## ምስርጣይን ምቅፃው:

ምስርጣይ ዝፍጠር ዘኻቕለና ካብ ካልእ ሰብ ግቡእ ዘይኮነ ባህርይ ክንረክብ ከለና፡፡ ናይ ምስርጣይ ኣብነታት እኩይ ቴሌፎን፡ ዘፈራርሑ ፅሑፍ መልእኽታት፡ ዘፈራርሑን ዝፃረፉ ቋንቋን ንንብረት ማህሰይቲ ምብፃሕ፡፡

ምቅፃው ዓይነት ምስርጣይ እንትኸውን ምርካብ ወይ ንምርካ ምፍታን፡ ኢሜይልን ኢንተርኔት ምቁፅፃር፡ ንዓኺ ምክትታልን ምስላልን ነዚኦም ዝኣመሰሉ ባህርያት ሓዊሱ እዞም ባህርያት የካትት፡፡ ኣብ ኦንላይን ወይ ብኣካል ዝኾነ ሰብ ክስርጥው ወይ ክቃፀወኪ ገበንን ሲቪል ገበን እዩ፡፡ እቲ ጉዳይ ንፖሊስ ሪፖርት ምግባር ትኽእሊ ኢኺ፡፡

## ሓለዋ ናይ ምርካ መሰል

ዝኾነ ዓይነት ስጉምቲ ሓለዋ ወይ ድሕንነት ከም ዘሎ ኣየረጋግፅን እንተኾነ ግና ስግኣት ወይ ፍርሒ እንተድኣ ገጢምኪ ሓለዋ ንክግበረልኪ ናይ ምሕታት መሰል ኣለኪ፡፡ እዚ ብልሙድ ምስ ናይ ጥቕዓት ኣገልግሎት በዓል ሞያ ምዝርራብ ወይ ፖሊስ ምርካብ የካትት፡፡ ኣብ ቅልጡፍ ሓደጋ እንተድኣ ኮይንኪ ናብ ፖሊስ ብ999 ወይ ንህፁፅ ሓደጋ ዘይኮኑ ኣገልግሎታት ናብ 101 ደውሊ፡፡

ብዜጋታት ምኽሪ ቤት ፅሕፈት ኣቢሎም ክሕግዙኺ ዝኽእሉ ናይ ምኽርን ደገፍን ትካላት ዝርዝር [ኣብዚ]ክትረኽቢ ትኽእሊ፡፡

## ጥቕዓት ንፖሊስ ሪፖርት እንተድኣ ጌርኪ እንታይ ይፍጠር?

ኩሎም ናይ ፆታዊ ዓመፅ ተጠቃዕትን መብዛሕትኦም ናይ ዘቤታዊ ጥቕዓት ግዳያት ዘለው ዓበይቲ ምዕባለታት ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓት ናይ ምርካብን ኣብ ምፅራይን ከይዲ መጋባእያ ሓገዝ ክህቡ ካብ ዝኽእሉ ናይ ፆታዊ ዓመፅ ኣማኻሪ (ISVA) ወይ ናፃ ዘቤታዊ ዓመፅ ኣማኻሪ (IDVA) ደገፍ ይቀርበሎም፡፡

መረዳእታ ኣብ ጥቕዓት ናብ ፖሊስ ሪፖርት ምግባርን ናይ ገበን ምፅራይ መምርሒ ብመሰል ደቂ ኣንስትዮ ተዳልዩ እዩ www.rightsofwomen.org.uk

| | |
|---|---|
| ዓመፅ ንፖሊስ ሪፖርት ምግባር | • ቴሌፎን<br>• ፖሊስ ማእኸል |
| ምፅራይ ፖሊስ | ፖሊስ እቲ ጥቕዓት ፈፃሚ ናይ እንግሊዝ ሕጊ ዝፃረር ገበን እንተድኣ ፈፂሙ የፃርይ፡፡ |
| እቲ ጥቕዓት ፈፃሚ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ምውዓል: | ፖሊስ ጥቕዓት ፈፃሚ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከውዕልን እኹል መረዳእታ እንተድኣ ረኺቡ ድማ ብገበን ክኸሰዎን ናብ ገበነኛታ ቤት ፍርዲ ክወስዶ ይኽእል እዩ፡፡ |
| ሕጋዊ ወኪል ምርካብ | እታ/ቲ ጥቕዓት ዝተፈፀማ/ሞ እቲ ጥቕዓት ፈፃሚ ኣብ ዘለሉ ግዘ ንጠበቓ ክትረክብ: ዝኾነ ናየወ ቤት ፍርዲ ክፍሊት ክትከፍል ወይ ጉዳያ/ዩ ንቤት ፍርዲ ከስምዕ/ክተስምዕ ግድን ኣይኮነን፡፡ |
| ከይዲ መጋባኣያ | • ከይዲ መጋባኣያ ኣብ ቤት ፍርዲ ዙፋንን እንዳ ዳኛ ንህዝቢ ኩፉት ኮይኑ ይካየድ፡፡<br>• CPS ናይ ተጠቃዕቲ ጠበቓ እያ/ዩ፡፡<br>• ናይ መረጋገጺ ምርመራ ‹‹ካብ ምኽንያታዊ ጥርጣ›› ንላዕሊ እዩ”፡፡<br>• ብተለምዶ ጥቓዕት ዝበፅሖም ሰባት ኣብ ቤት ፍርዲ መረዳእተ ንምቕራብ ጥራሕ ከመፁ ይግበር፡፡<br>• እቲ ጥቕዓት ፈፃሚ ናይ እምነት ክሕደት ቃል ምሃብ ይኽእል |
| ፍርዲ | እቲ ጥቕዓት ፈፃሚ እንተድኣ ክሒዱ ናብ ከይዲ ፍርዲ ይኸይድ፡ እቲ ቤት ፍርዲ ድማ ዝቕፅዖ ከፅዓት ይውስን፡፡ |
| ናይ ገበን ማህሰይቲ ካሕሳ | ብምኽንያት ናይ ገበን ጥቕዓት ማህሰይቲ እንተድኣ በፂሕኪ ብናይ ገበን ማህሰይቲ ካሕሳ ኣቢልኪ ካሕሳ ትረኽቢ ትኽእሊ፡፡ |

## ተዛመድቲ ሕጋዊ መስርሓት

ናይ እንግሊዝ ሕጊ ብናይ ገበነኛታትን ሲቪል ቤት ፍርዲ ኣቢሉ ሰባት ካብ ዝኾነ ዓይነት ጥቕዓትን ፆታ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓት ሓለዋ ይገብር፡፡ ዝኾነ ሰብ መረዳእታ እንተዘይሃልይዎ ገለገለ ኣገልግሎታት እዚ መረዳእታ ንሆም ኦፊስ ሪፖርት ክገብርዎ ይኽእሉ እዮም፡፡ ኣብዚ ኩነታት እዚ ሕጋዊ ምኽሪ ምሕታት ኩሉ ግዘ ዝመዓድ እዩ፡፡

**ሕጋዊ ደገፍን ምኽርን:** ሕጋዊ ደገፍ እንተድኣ ደሊኺ ካብ ናፃ ዘቤታዊ ጥቕዓት ኣማኻሪ ወይ ኣብ ናይ ስድራ ሕጊ ልምዲ ካብ ዘለዎ ጠበቓ ምኽሪ ክትረኽቢ ኣለኪ፡፡ ናይ ሕጊ ወጻኢታት ብምውፃእ ሕጋዊ ደገፍ ክትረኽቢ ትኽእሊ ኢኺ፡፡ ሕጋዊ ደገፍ ምኽርን ናብ ቤት ፍርዲ ክትኸዲ ከለኺ ሓዊሱ ኣብ ሕጋዊ ወፃኢኺ ይሕግዘኪ፡፡

**ዘቤታዊ ጥቕዓት ናይ ስደተኛታት ሕጊ (ዝተደረተ ብቑዕነት)**[5]**:** ዘቤታዊ ጥቕዓት ሕጊ ካብ ናይ ስደተኛታት ሕጊ ሓደ እዩ፡፡ እዚ ሕጊ ተፈፃሚ ዝኸውን እንግሊዛዊ ዜግነት ናይ ዘለዎ ወይ ዝተፈለየ ናይ ምፅናሕ ፈቓድ (ILR)፡ኣብ እንግሊዝ ምስ ስድራ ዳግመ ምውሃድ ቪዛ ምስ ዘለዎ ሰብ መፃምዲ፡ በዓል ሓዳር ወይ ሲቪል መፃምዲ ዝኾነ ሰብ ዘቤታዊ ጥቕዓት እንተድኣ ዝበፅሓ/እናበፅሓ እንተድኣ ኮይኑ እዩ፡፡ ብናይ ዘቤታዊ ጥቕዓት ሕጊ ን ILR ዘመልክቱ ሰባት ሕጋዊ ምኽሪ ክሓቱ ኣለዎም፡፡ ሕጋዊ ጠበቓ ወይ OISC ከም ናይ ስደተኛታት ጠበቓ ኣፍልጦ እንተዘይሂብኩም ኣብ ናይ ገበን ብዝምልከት ንስደተኛታት ምኽሪ ምሃብ ኣይከኣልን፡፡

## ናይ ጥቕዓት ተጠቃዒት እንተድኣ ኮይንኪ ትእዛዝ ምውፃእ[6]

**ናይ መጎት ትእዛዝ:** ጥቕዓት ናይ ዘይምፍፃም ትእዛዝ ንስኽን ደቅኽን መጥቃዕቲ ንክይበፅሓኪ ሓለዋ ክገብር ይኽእል እዩ፡፡ ኣካላዊ መጥቃዕቲ ኣብ ዘብፅሓልኪ ዝኾነ ሰብ ወይ መጥቃዕቲ ወይ ምፍርራሕ ኣብ ዝፍጽም ሰብ ጥቕዓት ናይ ዘይምፍፃም ትእዛዝ

[5]https://www.gov.uk/government/publications/victims-of-domestic-violence
[6]https://www.gov.uk/injunction-domestic-violence

ክተውፅኢ ትኽእሊ ዲኺ፡፡ ምስ ጥቕዓት ፈፃሚኺ ምንባር እንተደለኽኻ (ወይ ክትፍፅሚ ስለዘለኪ) ንጥቕዓት ዘይምፍፃም ክተመልከቲ ትኽእሊ ኢኺ ንኣብነት ጥቕዓት ዘይምፍፃም ትእዛዝ ዘካትቶ፡

- ጥቕዓት ፈፃሚኺ ጥቕዓት ክፍጽም፡ ጥቕዓት ንምፍፃም ምፍርራሕ፡ ምፍርራሕ ክፍፅም የብሉን
- ጥቕዓት ፈፃሚኺ ብቴሌፎን፡ ኢሜይል፡ ማሕበራዊ ሚድያ ወይ ብኣካል ክረኽበኪ የብሉን
- ጥቕዓት ፈፃሚኺ ብዝኾነ ምኽንያት ኣብ ስራሕ ክመፅእ ወይ ክረኽበኪ የብሉን

**ኦኪፔሽን ትእዛዝ፡** ኦኪፔሽን ትእዛዝ ማለት ኣብ ውሽጢ ስድራ ዘለው ሰባት ዝምልከት ትእዛዝ እዩ፡፡ ኦክፔሽን ትእዛዝ ክገብር ዝኽእል፡

- ጥቕዓት ፈፃሚኺ ካብ ገዛ ንክወፅእ ወይ ካብቲ ገዛ ንክርሕቕ ክግበር ይኽእል
- ጥቕዓት ፈፃሚኺ ካብ ገዛ ኣብ ዝተወሰነ ርሕቐት ንክርሕቕ ይእዘዝ
- ጥቕዓት ፈፃሚኺ ኣብ ዝተወሰነ ግዘ ኣብቲ ገዛ ኣብ ዝተወሰኑ ክፋላት ንክፀንሕ ክእዘዝ ይኽእል (ንኣብነት ኣብ ካልእ መደቀሲ ንክድቅድስ ክእዘዝ ይኽእል እዩ)
- ጥቓዓት ፈፃሚኺ ብደገ እንተድኣ ሸጊጥኪ ናብ ገዛ ንክትኣትዊ ንኽገብር ምእዛዝ
- ጥቕዓት ፈፃሚ ሞርጌጅ፡ ክራይ ወይ ክፍሊት ንክኸፍል ምእዛዝ

## ካልኦት ሕግታት ካብ ጥቕዓት ወይ GBV ሓለዋ ንምርካብ ዲዛይን ዝተገበረ

**ዘቤታዊ ጥቕዓት ሓለዋ ምልከታ (ፖሊስ)፡** ፖሊስ ጥቕዓት ፈፃሚኺ ንከየጥቅዓኪ ካብ ገዛኺ ዝተወሰነ ርሕቐት ንክርሕቕ ወይ ንከይኣትው ክገብር ይኽእል እዩ፡፡ ን48 ሰዓት ይፀንሕ፡፡

**ዘቤታዊ ጥቕዓት ሓለዋ ትእዛዝ (እንዳ ዳኛ ቤት ፍርዲ)** ዘቤታዊ ጥቕዓት ሓለዋ ትእዛዝ ካልእ ጥቕዓት ንከይበፅሓኪ ንምሕላውን ምስ ጥቕዓት ፈፃሚኺ ብሓባር ትነብሪ እንተድኣ ኮይንኪ ድማ ናብ ገዛ ንከይትምለስን ንከይረኽበኪ ይዕግድ፡፡ እቲ ገበነኛ እቲ ትእዛዝ እንተዘየኽቢሩ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ውዒሉ ናብ ቤት ፍርዲ ክቐርብ ይኽእል እዩ፡፡ ናይ ዘቤታዊ ጥቕዓት ትእዛዝ ን28 መዓልቲ ዝፀንሕ እንትኸውን እዚ ድማ ብዛዕባ ዘለኪ መማረፅን ተወሳኺ ደገፍ እትረኽብሉ መንገዲ ንክትርኢ ዕድል ይህበኪ፡፡

**መጥቃዕቲ ዘይምፍፃም ትእዛዝ፡** ካብ ሓደ ግዘ ንላዕሊ ጥቕዓት ካብ ዘብፅሓልኪ ሰብ ሓለዋ ምርካብ፡፡

**ዝተገደደ ሓዳር ሓለዋ ትእዛዝ፡** ዝኾነ ሰብ ንክትመርዓዊ እንተድኣ ኣገዲድኪ ክሳዕ ሽውዓተ ዓመት ክእሰሩ ይኽእሉ እዮም፡፡ ንክትምርዓዊ እንተድኣ ተገዲድኪ ወይ ንክትምርዓዊ ትግደዲ ከም ዘለኺ እንተድኣ ተሰሚዕኪ ክተመልከቲ ትኽእሊ ኢኺ፡፡ ሓለዋ ንክትረኽቢ እዚ መርዓ ኣብ ልዕለኺ ክፍፀም ግድን ኣይኮነን፡፡

**ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ሓለዋ፡** ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ እንተድኣ ኣጋጢምኪ ወይ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ንክተካይዲ ፀቕጢ ክግበረልኪ ወይ ክትግደዲ እንተድኣ ኮይንኪ ክተመልከቲ ትኽእሊ ኢኺ፡፡ ሓለዋ ንክትረኽቢ ናይ ግድን ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ከጋጥመኪ የብሉን፡፡

መሰል ደቂ ኣንስትዮ ብዛዕባ ጥቕዓትን ናይ ሓለዋ ሕጋዊ ኩነት ብዝምልከት ተወሳኺ መረዳእታ ኣብዚ ዝስዕብ ትረኽቢ፡www.rightsofwomen.org.uk/get-information/violence-against-women-and-international-law

## ናይ ህፃናት ሓለዋን ናይ ማሕበራዊ ኣገልግሎት እጃም

ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣብ ሓደጋ ዘለው ህፃናትን ዓበይቲ ሰባት ናይ ምሕላው ሕጋዊ ሓላፍነት ኣለዎ፡፡

**ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሕሰቢ፡**

1. ናይ ህፃናት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ትፈልጢዶ?
2. ኣብ ሞንጎ ‹‹ኣብ ድልየት ዘለዎ ህፃንን›› ‹‹ሓለዋ ህፃናት›› ዘሎ ኣፈላላይ ትፈልጥዶ?
3. ናይ ህፃናት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣብ ዝኾነ ጉዳይ ህፃናት ካብ ስድርኦም ከወስዶም ይኽእልዶ?

**ናይ ህፃናት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡** ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንጥቕዓት ተጋለፅቲ ንዝኾኑ ህፃናት ናይ ምሕላውን ንህፃናትን ንስድርኦም መብዛሕትኡ ግዘ ኣብ ገዝኦም ኮይኖም ምስ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ብምውዳድ ዝተፈላለዩ ኣገልግሎት ናይ ምቕራብ ሕጋዊ ሓላፍነት ኣለዎ፡፡ መብዛሕትኡ ግዘ ስድራ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኢድ ከእትው ከሎ ኣዝዮም ይሓርቁ እዮም፤ ምኽንያቱ ድማ ካብ ካልኦት ብዝሰምዕዎ ተሞክሮ ወይ ማሕበራዊ ሰራሕተኛታት ድማ ደቆም ካብኦም ንከይወስድዎም ስለዝሰግኡ እዩ፡፡ ህፃናት ኣገልግሎት ንህፃናትን ስድርኦምን ሰፊሕ ዝኾነ ናይ ክንክን ኣገልግሎት የቕርብ፤ ‹‹ናይ ድልየት ገምጋም›› ድሕሪ ምክያዱ ናይ ህፃን ጥዕና፡ ድሕንነትን ክንክን ከም ዝካየድ ናይ ምግባር ሓላፍነት ኣለዎ፡፡

**ስድራ ምስ ናይ ህፃናት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ብኸመይ ይራኸቡ**

ስድራ ምስ ናይ ህፃናት ኣገልግሎት ዝራኸብሉ ብዙሕ ምኽንያት ኣሎ፡፡ እቲ ዝተለመደ መንገዲ ስድራ ብቐጥታ ኣገልግሎት ደገፍ ንክረኽቡ ይሓቱ፡፡ ኣብ ካልእ ኩነታት እቲ ህፃን ሪፈር ዝግበር ብፖሊስ፡ ካልእ ከም ሓፈሻዊ ሓኪም ወይ መምህር ወይ ኣባል ህዝቢ ሪፈር ዝገበርዎ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ እዚ መወከሲ ዝግበር ድማ ብዛዕባ እቲ ህፃን ድሕንነት ወይ ውሕስት ዘሻቕል ነገር ስለ ዘሎ ናይ ህፃናት ኣገልግሎት ኢድ ከእትው ይኽእል እዩ፡፡

**ናይ ህፃናት ኣገልግሎት ናይ ምሕላውን ምክልኻል ሓላፍነት**

ናይ ህፃናት ኣገልግሎት ንህፃን መወከሲ እንተድኣ ረኺቡ ኣብ ሓደ መዓልቲ ካብዞም ዝስዕቡ ነገራት ይገብር፡

- እቲ ህፃን ድልየት ኣለዎ ንኣብነት መንበሪ ገዛ፡ ፋይናንስ ወይ ካልኦት ከም ናይ መግቢ ቅብሊት ዝኣመሰሉ ደገፋትት የድልዮን ብመሰረት ናይ ህፃናት ሕጊ 1989 (‹‹ክፍሊ 17››) ክግምገም ኣለዎ፡፡
- እቲ ህፃን ከቢድ ማህሰይቲ ከይበፅሖ ወይ ስለዝበጽሖ ብመሰረት ናይ 1989 ናይ ህጻናት ሕጊ ዓንቀፅ 47 ክግምገም ይግበር፡፡
- እቲ ህፃን ህፁፅ ሓለዋን ህፁፅ ደገፍ የድልይ እዩ፡፡

**ድልየት ዘለዎ ህፃን ገምጋም**

እቲ ህፃን *“ድልየት ዘለዎ”*፡ ብዘይካ ደገፍ እቲ ከባብያዊ ምምሕዳር፡

- ምኽንያታዊ ዝኾነ ናይ ጥዕና ወይ ዕብየት መለከዒ ከይህልዎ ይኽእል ወይ፡
- ጥዕንኦም ወይ ዕብየቶም ክህሰይ ይኽእል እዩ፡፡
- ንህፃናት እኹል ዝኾነ መግብን መዕቖቢ ምቕራብ እንተዘይክኢልኪ ውላድኪ ‹‹ድልየት ዘለዎ ህፃን›› ተባሂሉ ብምፍላይ ክፍሊ 17 ገምጋም ክካይድ ኣለዎ፡፡

**ናይ ህፃናት ሓለዋ ትልሚ**

- ህፃናት ኣብ ሓደጋ እዮም ተባሂሉ ተተሰጊኡ ኣብ ናይቲ ህፃን ድሕንነት በዓል ሞያን ቁልፊ ኣባላት ስድራ ብምክታት ናይ ሓለዋ ትልሚ ይፍጠር፡፡
- እቲ ትልሚ ናይቲ ህፃን ድሕንነት ንምሕላውን መን ክሳተፍ ኣለለዎ ዝብል ንኣብነት ንቲ ስድራ ተግባራው ወይ ስምዒታዊ ደገፍን ካልኦት ከም ኣብ መሐብሓቢ ህፃናት ወይ ናይ ገዛ ደገፍ ምግባር ዝኣመሰሉ ደገፋት ንምግባር ቀዋሚ ጉብነያ ምክያድ፡፡
- እቲ ትልሚ ተዘይተፈፂሙ እንታይ ከም ዝግበርን ንክሰርሕ ዳግማይ ይግምገም፡፡

**ህፃናት ካብ ወለዶም ክውሰዱ ዝኽእሉ**

ኣብ መብዛሕቲኡ ኩነታት ኣብ ፈላማይ ገምጋም ኣገልግሎት ህፃናት እቲ ህፃን ካብ ስድርኡ እንከይተነፀለ ከም መውዓሊ ህፃናት ዝኣመሰሉ ናይ ህፃናት ናይ ደገፍን ኣግልግሎት ንምቕራብ እዩ፡፡ እንተኾነ ግና ናይ ህፃናት ኣገልግሎት ህፃናት ካብ መጥቃዕትን ሸለልትነት ናይ ምሕላው ሕጋዊ ሓላፍነት ኣለዎ፡፡ እዚ ማለት ናይቲ ህፃን ድሕንነት ንምሕላው ካብ ስድርኡ ምውሳድ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡

ህፃናት ካብ ወለዶም ዝውሰዱ፡

- ብፈቓድ ወለዲ፡ ወለዲ ወይ ናበይቲ እቲ ህፃን ካብቲ ስድራ ወፃኢ ክዓብይ ኣለዎ ኢሎም እንተድኣ ኣሚኖም ወይ ተሰማሚዖም፡፡
- ብትእዛዝ ቤት ፍርዲ፡እቲ ቤት ፍዲ እቲ ህፃን ካብ ስድርኡ ወፃእ ክዓብይ አለዎ ኢም እንተድኣ ኣሚኖም፡፡
- ፖለቲካዊ ዑቕባ፡ ህፃን ቆልዓ ናብ ሃገር ንበይኑ መፅዩ ዑቕባ ክሓትት ከሎ፡፡

ቤት ፍርዲ እንተዘይ ወሲኑ ወይ ውላድኪ ክውሰድ ከም ዘለዎ ተዘይተሰማሚዕኺ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ህፃን ካብ ሑቕፎኺ ናይ ምውሳድ ሓይሊ የብሉን፡፡

እቲ ከባብያዊ ናይ ህፃናት ኣገልግሎት ውላድኪ ጉድኣት ክይበፅሖ ኣብ ስግኣት ወይ ደገፍ ይደሊ እዩ ኢሎም እንተድኣ ኣሚኖም፤ እዚ ኩነታት ናይ ምፅራይን ናይቲ ቆልዓ ድሕንነት ንምሕላው ወይ ድሕንነት ንምብርትታዕ እንታይ ዓይነት ስጉምቲ ክውሰድ ከም ዘለዎ ይግምግሙ፡፡ ብመሰረት ናይ 1989 ናይ ህፃናት ሕጊ እቲ ህፃን ኣብ ሓደጋ እዩ ወይ ከቢድ ሓደጋ ክበፅሖም እዩ ኢሉ እንተድኣ ሓሲቡ እቲ ካውንስል ናይ ክንክን ትእዛዝ ክውፅእ ይኽእል እዩ፡፡ እቲ ቤት ፍርዲ እቲ ካውንስል ናብ ክንክን ከም ዘእትዎም ይውስን፡፡

እቲ ጠቃሚ መወከሲ እንትኸውን እዚ መረዳእታ፡ https://learning.nspcc.org.uk/child-protection-system/england/

## ካብ ኣድልዎን ናይ ፅልኢ ገበን ሓለዋ

ካብዚኦም ዝኣመሰሉ ኣድልዎታት ብናይ እንግሊዝ ማዕርነት ሕጊ 2010 ሓለዋ ይግበረልኪ፡

- ዕድመ
- ስንክልና፡ ዝኾነ ሰብ ስንክልና ኣለዎ ዝበሃል ንሳ ወይ ንሱ ከቢድን ንነዊሕ እዋን ዝፀንሕ ኣካላዊ ወይ ኣእምሮዊ ፀገም እንተህልዎን እዚ ድማ ዕለታዊ ናብራ ምንቅስቓስ ንከየካይድ ክዓግቶ ከሎ እዩ፡፡
- ፆታ ዳግማይ ምምዳብ፡ ካብ ሓደ ፆታ ናብ ካልእ ፆታ ናይ ምስግጋር ከይዲ፡፡
- ሓዳርን ሲቪል ርክብ፡ ሓዳር ኣብ ሞንጎ ክልተ ሰባት ዝካየድ ጥምረት እንትኸውን፡ እቶም መፃምዲ ተቓራኒ ፆታ ዝፈትው ወይ ተመሳሳሊ ፆታ ዝፈትው ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፡፡ ብተወሳኺ ድማ መፃምዲ ዘለዎም ርክብ ከም ‹ሲቪል ርክብ› ብሓጋዊ መንገዲ ከመዝግብዎ ይኽእሉ፡፡ ሲቪል ርክብ ካብ ሓዳር ንታሕታ ተገይሩ ክወውሰድ የብሉን፡፡
- ጥንስን ሕረስን፡ ጥንሲ ማለት ናይ ምጥናስ ከይዲ ወይ ቆልዓ ንምውላድ ትፅቢት ምግባር፡፡ ሕርሲ ድማ ድሕረ ወሊድ ዘሎ ግዘ እንትኸውን ምስ ናይ ስራሕ ምቑፃር ዝተተሓሓዘ እዩ፡፡ ኣብ ስራሕ ዘይብሉ ኩነት ድማ ምስ ወለድኪ ን26 ሰሙን ናይ ሕርሲ ኣድልዎ ዘይምህላው፡ ጥው ስለ ዝተጥውው ፅቡቕ ብዘይኮነ መንገዲ ምትእንጋድ የካትት፡፡
- ዘርኢ፡ ዘርእኺ፡ ሕብርኽን ዜግነትኪ (ዜግነት ሓዊሱ) ዓሌት ወይ ዘርኣዊ መቦቆል፡፡
- ሃይማኖትን እምነት፡ ሃይማኖት ማለት ሃይማኖት ዘይምህላው ሓዊሱ ዝኾነ ሃይማኖት፡፡ እምነት ማለት ኣብ ዝኾነ ሃይማኖታዊ ወይ ፍልስፍናዊ ነገር ምእማን ወይ ዘይምእማን እዩ፡፡
- ፆታ፡ ተባእታይ ወይ ኣንስታይ ዲኻ
- ፆታዊ ዝንባለ፡ ዝኾነ ሰብ ናብ ተማሳሳሊ፡ ተቓራኒ ወይ ክልቲኡ ፆታ ዘለዎ ዝንባለ፡፡

**ሰብኣዊ መሰላት ሕጊ 1998**

ናይ 1998 ሰብኣዊ መሰል ሕጊዓሰርተ ሽዱሽተ መሰረታዊ መሰላት የካትት፡ እዚ ድማ ኩሉ መስመር ሂወት ዘካትት እንትኸውን፡ ኣብ ዕለታዊ ናብራ ካብ ስቅያት ክሳዕ ካብ ምቕታል ናፃ ምኳን የካትት፡፡ ምኽንያታዊ መንገዲ መርትዖ ክቐርብ ተዘይክኢሉ ብዘርእኻ፡ ሃይማኖት፡ ፆታ፡ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ወይ ዝኾነ ካልእ ኩነት ብዝተፈለየ መልክዑ ምትእንጋድ፡፡

**ናይ ፅልኢ ገበን**

ናይ ጽልኢ ገበን ማለት ብዘለኪ ዓሌት፡ ብሄር፡ ሃይማኖት፡ ፆታዊ ዝንባለ ወይ ምልዋጥ ፆታ ዘለዎም ፅልዒት ምኽንያት ሰባት ገበን ክፍፅሙ ከለው እዩ፡፡ ኣብ ልዕሌኺ ወይ ኣብ ንብረትኪ ክካየድ ይኽእል እዩ፡፡

**ናይ ፅልኢት ገበን ሪፖርት ምግባር**

ናይ ፅልኢት ገበን ብትሩ ቪኸዥን ኣቢለኪ ኣብ ኦንለላይን ሪፖርት ምግባር ይከኣል እዩ www.report-it.org.uk

ኣብ ስኮትላንድ ናይ ፖሊስ ስኮትላንድ ኦንላይን ኣልኪ ሪፖርት ምግባር ይከኣል፡፡

ሪፖርት ንምግባርን ደገፍ ንምርካብ ኣብ Stop-Hate UK ክርከብ ይኽእል፡፡

